# ሓበሬታ ብዛዕባ

## ሓበሬታ ብዛዕባ መዋእለ ሕጻናት ኣብ በሩም



### ብሕታዊ ስድራቤታዊ መዋእለ ሕጻናት

ናይ ስድራቤት መዋእለ ሕጻናት ኣብ ብሕታዊ ኣባይቲ ዝርከብ ንንኣሽቱ ቈልዑ ዘገልግል እዩ።


### ክፉት መዋእለ ሕጻናት

ክፉት መዋእለ ሕጻናት ዝብሃል ናይ ንሓጺር ግዜ ብናጻ ኣገልግሎት ዝህብ ኮይኑ፡ ወለዲ ወይ ኣለይቲ ምስ ውላዶም ብሓንሳብ ዝጸንሑሉ እዩ።

### ናይ መዋእለ ሕጻናት ሰዓታት

ዝበዝሐ መዋእለ ሕጻናት ካብ ሰዓት 07.30 ክሳዕ ሰዓት 17.00 ኣብ ሰሙን ሓሙሽተ መዓልቲ ክፉታት እዩ።

መዋእለ ሕጻናት ኣብ በዓላትን ኣብ መደባት ምስራዕ መዓልታት (ሓሙሽተ መዓልታት ኣብ ዓመት) ዕጹው እዩ። ብዙሓት መዋእለ ሕጻናት ድማ ኣብ ናይ ሓባር ዕረፍቲ እዋን (fellesferie) ዕጹዋት እዮም።



## መዋእለ ሕጻናት - እንታይ እዩ?

መዋእለ ሕጻናት ምስ ስድራቤት ብምትሕብባርን ብምርድዳእን፡ ናይ ቈልዑ ናይ ምጽዋትን ምንባይን ድሌት ብምምላእ፡ ከምኡ'ውን ንመጻኢ ኣብ ትምህርቲ ኰሉ ጐድናዊ ምዕባለ ከም ዝረኽቡ ዝገብር እዩ።

## ቈልዑ ስለምንታይ ናብ መዋእለ ሕጻናት ይኸዱ?

- ምስ ካልኦት ቈልዑን ዓበይትን ማሕበራዊ ህይወት ንኽህልዎም
- ብጸወታን ካልእ ንጥፈታትን ትምህርቲ ክቕስሙ
- ምስ ኣብ ኖርወይ ዘለዉ ዝተፈላለየ ባህልታት ክላለዩ
- ቋንቋ ኖርወይ ክመሃሩ
- ምስ መዛኑኦም ምሕዝነት ክገብሩ

## ቋንቋ ኣደ

ኣብ ገዛ ቋንቋ ኣደ ክጥቀሙ ኣገዳሲ እዩ፡ ምኽንያቱ እዚ ኣብ ካልእ ቋንቋ ጽቡቕ ክእለት ንኽህልዎም መሰረት እዩ። ንቋንቋ ኣደ ንምሕያል እቲ ናይ ሓባር ግዜኹም ምስ ውላድኩም፣ መዓልታዊ ዝርርብ፡ መዝሙር፡ ግጥሚ፡ መምርሒታት፡ ጽውይጽዋይን መጻሕፍትን ብምዝውታር ተጠቐሙሉ።

## ትሕዝቶ መዋእለ ሕጻናት

ኣብ መዋእለ ሕጻናት ቈልዑ ምስ እዞም ኣርእስትታት ይላለዩ፡

- ምትሕልላፍ መልእኽቲ፡ ቋንቋን ጽሑፍን
- ኣካላት፡ ምንቅስቓስን ጥዕናን
- ስነጥበብ፡ ባህልን ምብልሓትን
- ተፈጥሮ፡ ከባብን ቴክኒክን
- ቅጥዒ ምሓዝ፡ ሃይማኖትን ፍልስፍናን
- ናይ ቀረባ ከባብን ሕብረተሰብን
- ቍጽሪ፡  ህዋ/ቦታን ቅርጽን

## ናይ መጀመርታ መድረኽ

ኣብተን ቀዳሞት መዓልታት ኣብ መዋእለ ሕጻናት፡ እቲ ቈልዓ ብዘውሕስ ክለማመድን ሓደ ካብ ወለዲ ኣብቲ ቦታ ክርከብ ኣለዎ።

## ሓደ መዓልቲ ኣብቲ መዋእለ ሕጻናት

ኣብቲ መዋእለ ሕጻናት ቍርሲ፡ ምሳሕን ናይ ድሕሪ ቀትሪ ምግብን ይብላዕ። ገለ ካብቲ ምግብታት ካብ ገዛ ዝመጽኣ ክኸውን ከሎ በቲ መዋእለ ሕጻናት ዝቐረብ'ውን ኣሎ።

ኣብ መዋእለ ሕጻናት ዝውዕሉሉ ግዜ እቶም ቈልዑ ኣብ ገዛ ውሽጥን ደገን ንጥፈታት የካይዱ። ቈልዑ እቲ ንጥፈታቶም ተበሪሁዎም መታን ከካይዱዎ ኣብ ግዜ ዛሕሊ ዘየቝርሮም፡ ኣብ ግዜ ሙቐት ድማ ዋዒ ዘይፈጥረሎም፡ ምስቲ ወቕቲ ዝኸይድ ክዳውንቲ ክህልዎም ኣለዎ።

እቶም ዝነኣሱ ቈልዑ ኣብቲ መዋእለ ሕጻናት ይድቅሱ እዮም፡ መብዛሕትኡ ግዜ  ከኣ ኣብ ዓረብያኦም ኣብ ደገ ይድቅሱ።



## ጠቓሚ ሓበሬታታት

ኣብ መዋእለ ሕጻናት ቦታ ንምርካብ ምሉእ ዓመት ክሕተት ይከኣል እዩ። ኣብ ወርሒ ነሓሰ ቦታ ንክትረኽቡ ቅድሚ 1 መጋቢት ክተመልክቱ ኣለኩም።

መዋእለ ሕጻናት ምልክታ ንምቕራብ ሓገዝ እንተ ኣድልዩኩም፡ ኣብ ኮሙነጎርደን ኣብ ሳንድቪካ/Kommunegården ኣብ Sandvika ንዘሎ ወሃቢ መምርሒ ቤትጽሕፈት ክትሓቱ ትኽእሉ። ካብኡ በለ ምስ መዋእለ ሕጻናት ወይ መደበር ጥዕና ተራኸቡ።

እቲ ዝለዓለ ክፍሊት ኣብ ኲሉ መዋእለ ሕጻናት ሓደ እዩ። ካብ ሓደ ንላዕሊ ቈልዑ ኣብ መዋእለ ሕጻናት ዝኸዱ ክህልዉኹም ከለዉ ወይ ብቍጠባ ምኽንያት ንኽጐድሉልኩም ኣረኣእያ ክግበረልኩም ምሕታት ይከኣል እዩ። ኣብ መዋእለ ሕጻናት ናይ ዝወሃብ ምግቢ ተወሳኺ ክፍሊት'ውን ክህሉ ይኽእል እዩ።

ተወሳኺ ሓበሬታ ብዛዕባ ኣብ ባሩም ዘሎ መዋእለ ሕጻናት ይኹን ብዛዕባ ኤለትሮኒካዊ ናይ ምልክታ ፎርም ኣብ፡ https://www.baerum.kommune.no/barnehager ትረኽቡ።

ብዛዕባ ቦታ ምርካብ ቦታ ወይ ክፍሊት ሕቶ ምስ ዝህልወኩም ኣብ ሓበሬታ መምርሒ ክፍሊ/Veiledningstorget ቍጽሪ ቴለፎን 67 50 40 50 ተራኸቡ።

## ኮሙናውን ብሕታውን መዋእለ ሕጻናት

ምምሕዳር ባሩም ክልቲኡ ማለት ብኮሙነ ዝመሓደርን ብብሕቲ ዝምወልን መዋእለ ሕጻናት ኣሎዉዎ። እዞም መዋእለ ሕጻናት እዚኣቶም ዝተፈላለየ ናይ ምቕባል ኣገባባት ኣለዎም። ነዚ ዝምልከት ሓበሬታ ኣብቲ ናይ መዋእለ ሕጻናት ሕግታት ክትረኽቡ ትኽእሉ።